ቀይዲ እተገብረሉ ብሕታዊ ጸብጻብ

**ናይ ኣኼባ መዘኻኸሪታት**

ሰሉስ 13 ሰነ 2023

*ጋንታ – ተዛረብቲ ትግርኛ*

3 ሰባት
2 ሰባት ካብ ተሓጋገዝቲ ትካላት
1 ተርጓማይ
3 ኣባላት ኮሚተ (ኣካብ ስቱዋርት MSP፣ ፖል ኦካነን MSP፣ ክሬግ ሆይ MSP (ናይ ሓደ ኣባል ወኪል))
2 ሰራሕተኛታት ናይ ክኮቲሽ ፓርላማ

እቲ ናይ መጀመርታ ሰብኣይ ኤርትራዊ እዩ። ካብ ሃገሩ ብሰንኪ ኲናት ወጺኡ ሰላማዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኺነብር ድማ ደለየ። ኣብ ሆቴል ይነብር ኣሎ።

እቲ ካልኣይ ሰብኣይ’ ውን ኤርትራዊ እዩ። ንሱ’ ውን ዝወጽዐሉ ምኽንያት ሓደ ዓይነት ኢዩ፣ ብሰንኪ ኣብቲ ሃገር ዘሎ ናይ ፖለቲካ ጸገም። ንሱ’ ውን ኣብ ሆቴል ይነብር ኣሎ። ስድርኡ ኢንተርኔት ስለዘይብሎም ክረኽቦም ኣይከኣለን።

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ኢትዮጵያዊ እዩ። ካብ ሃገሩ ዝወጽዐ ብሰንኪ ኲናትን ብሰንኪ ኣብቲ ሃገር ዘሎ ናይ ፖለቲካ ጸገም እዩ።

*እቶም ተሳተፍቲ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ጉዳያት ርእይቶኦም ኪህቡ ተሓተቱ ።*

**መንበሪ/ሆቴል**

እቲ ናይ መጀመርታ ሰብኣይ ኣብ ሆቴል ክነብር 18 ኣዋርሕ ገይሩ። እቲ ዚሓድረሉ ዘሎ ክፍሊ ካብ ሰንቀ ማይ የፍስስ። ብሰንኪ ስለዝፈስስ ዘሎ ማይ ናይ ዓራት ፍርናሽ ስለ ዝጠልቀየ ከኣ ኣብቲ ክፍሊ ሕማቕ ጨና ኣሎ። እቲ ኣብ ሆቴል ዚወሃቦም መግቢ ጽቡቕ ኣይኮነን። መግቢ ክሰርሑ ስለዘይኽእሉ ከቢድ’ ዩ። ናይ ሓባር ቦታ ዋላ እኳ እንተሃለወ መዘናግዒ ግና የለን። እቲ ሰብኣይ ካብ ሚርስ ብዙሕ ደገፍ ዘይረኸበ ዋላ እኳ እንተኾነ ካብቲ ናይቲ ከባቢ ትካላት/ገበርቲ ሰናያት ደገፍ ረኺቡ ኢዩ።

እቲ ካልኣይ ሰብኣይ ኣብ ሆቴል ክነብር 6 ኣዋርሕ ገይሩ። ካብ ሚርስ ዝኾነ ደገፍ ኣይረኸበን። ኣብኡ ዝኾነ መዘናግዒ ስለ ዘየለ፣ ብዙሀ ግዜ ኣብ ውሽጢ ኣብ ሶፋ ከምዘህልፍ ሓቢሩ። ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ቅድሚ ምምጽኡ እግሩ ተጎዲኡ ነይሩ፣ ኣብዚ ከኣ ክሳብ ሀጂ ሕክምና ክግበረሉ ኣይከኣለን። ካብ ሚርስ ዝኾነ ደገፍ ከምዘይረክብ ዘሎ ይስምኦ። ሰባት ብዛዕባ ኸነታቶም ዜማርሩ እንተ ኾይኖም ሽግር ዜምጽኡ ሰባት ከምዝኾኑ ዝረዓዩ እዩ ኮይኑ ዚስምዖ።

**ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕና/ውሕስነት ዜሕድሮ ጽልዋ**

እቲ ቐዳማይ ሰብኣይ እቲ ዚነብረሉ ዘሎ ህንጻ (ኣብ ፋልክርክ) ኣዝዩ ኣረጊት ምኳኑ ገለጸ። ብዛዕባ እቲ ማይ ምፍሳስ ጸገም ዋላ እኳ እንተ ነገሮም ዋላ ሓንቲ ግና ኣይተገብረን። ሓደ ኣብቲ ኸባቢ ዚነብር ነጋዳይ ከም ዚውንኖ ይፈልጥ እዩ፣ ብሰንኪ እቲ ለበዳ ተዓጽዩ ስለዝነበረ ዝኾነ ጽገና ኣይተገብረን። ፍሬንድስ ኦፍ ስኮቲሽ ሴትለርስ (FOSS) ገበርቲ ሰናይ ክዳውንቲ ሂቦሞን ኢንግሊሽ ትምሕርቲ ይህቡዎ ኣለዉ። ገበርቲ ሰናያት እዮም ሓገዝ ዝገብሩሉ ዘለዉ። እቶም ሓተቲ ዑቕባ ንሚርስ ብዛዕባ ብዙሕ ኩነታት ሓቢሮሞም ኣለዉ ግና ብዛዕባ ብዙሕ ኩነታት እንተደኣ ጥርዓን ገይሮም ካብ ሆም ኦፊስ መጠንቀቕታ ደብዳበ ይስደደሎም እዮ። ከምኡ’ ውን ከኣ ሰራሕተኛታት ሚርስ ብዛዕባ ብዙሕ ኩነታት እንተደኣ ጥርዓን ገይሮም ንሆም ኦፊስ ጥርዓን ይገብሩሎም። እቲ ሰብኣይ ሚርስ ዝሰምኡዎ ኾይኑ ኣይስምዖን። ነቲ ኮሚተ ምእንቲ ኺርእይዎ ደብዳበ ክህቦም እዩ።

እቲ ሰብኣይ እዚ ተመክሮ ጭንቀት ከም ዝገበረሉን ዝኾነ ደገፍ ከኣ ከም ዘይረኸበ ሓቢሩ። ናብ GP ዋላ እኳ እንተ ኸደ ሓበሬታ ዘለዎ ወረቐት ጥራይ እዩ ተዋሂብዎ።

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ንሽዱሽተ ወርሒ ምስ ወለዱ ዋላ ሓንቲ ርክብ ኣይነበሮን። ኣብ ሰሙን ብ £9 ምንባር የጸግሞ ኣሎ ክዳውንቲ ምዕዳግ’ ውን ኣይከኣለን። ካብ ገበርቲ ሰናያት ሓገዝ ረኺቡ እዩ።

**ምውጻእን ምዝዋር**

እቲ ካልኣይ ሰብኣይ ካብ ሆቴል ምውጻእን ኰዕሶ እግሪ ምጽዋትን ኣዝዩ ሓጋዚን ኣገዳስን ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ንሓደ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ክካፈልን ክሕምብስ ከም ዝኽኣለን እዚ ድማ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ከምዘዳለዉዎ ሓቢሩ። ኣብ ጥቓ መናፈሻ ኢዩ ዝነብር፣ ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታት' ውን ንኣእምሮኣዊ ጥዕናኡ ኣወንታዊ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

## ESOL (ኢንግሊሽ ትምሕርቲ ንተዛረብቲ ካልእ ቋንቋ)/ተርጎምቲ

እቲ ቀዳማይ ሰብኣይ ውሑድ ኢንግሊሽ ይዛረብ።

እቲ ካልኣይ ሰብኣይ ኣብ ሰሙን ሓደ ሰዓት ኢንግሊሽ ይመሃር ኣሎ።

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ኣብ ሰሙን ከባቢ 4 ሰዓት ኢንግሊሽ ይመሃር ኣሎ። ናይ ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ክመርሕ ዚኽእል እንተደኣ ኰይኑ ክሕግዞ ከምዝኽእል ይስምዖ።

እቲ ኣብ FOSS ዚሰርሕ ሰራሕተኛ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዚርከብ ኮለጅ ኢንግሊሽ ንክትመሃር ብቑዕ ምእንቲ ንኽትከውን መሰረታዊ ኢንግሊሽ ኽትዘራረብ ከም ዘሎካን ኢንግሊሽ ትምሕርቲ ዝኾነ ኣፍልጦ ንዘይብሎም ከምዘየለ ገለጸ። እቲ ናይ ግብረ ሰናይ ትካል ዝተወሰነ ትምሕርቲ ንምሃብ ዝከኣሎ ኩሉ ይገብር ኣሎ እቲ ካብ መንግስቲ ዘሎ ናይ ሰልዲ ሓገዝ ሕጽት ስለ ዘሎን ውሕስነት ዘይብሉ ናይቲ ከባቢ ሰበ - ስልጣን ትምሕርቲ ESOL ንክዳለው ዝበለጸ ሓጋዚ እዩ።

እቲ ኣብ ግራምፒያን ዝሰርሕ ናይ ደገፍ ሰራሕተኛ' ውን ተመሳሳሊ ኹነታት ከም ዘሎ ጸብጻብ ሂቡ፣ እቶም ተምሃሮ ትምህርቲ ናይ ኢንግሊሽ ንምእታው መሰረታዊ ናይ ኢንግሊሽ ፈተና ክትሓልፉ ከምዘለዎም።

ይኹን እምበር እቶም ሓተቲ ዑቕባ ተርጎምቲ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

***መጓዓዝያ***

እቲ ካልኣይ ሰብኣይ ኣብ ፋልክርክ ኢዩ ዝነብር ዘሎ እቲ ሆቴል ኣብ ማእከል ከተማ ስለ ዘሎ ከኣ ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ብእግሩ ክኸይድ ይኽእል ኢዩ። ናብ GP ኪኸይድ እንተ ደልዩ ከኣ ሰራሕተኛታት እቲ ሆቴል ታክሲ የዳልዉሉ።

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ናብ ቤተ-ክርስትያን ምእንቲ ክኸይድ ኣብ ሰሙን £25 ዝህቦ ግብረ-ሰናይ ትካል ኣሎ። ናብ ESOL ትምሕርቲ ብእግሩ ይኸይድ

እቲ ተሓጋጋዛይ ሰራሕተኛ FOSS ፋልከርክ ኣብ ማእኸል ዝርከብ ከምዝኾነን ናብ ብዙህ ቦታት ብእግሪ ክትኸይድ ከምትኽእል ሓቢሩ። FOSS ንሓተቲ ዑቕባ ኣብ ዝተኽኣለሉ ግዜ £25 ኣብ ሰሙን ይህቡ ኢዮም ግና እዚ ከከምቲ እቲ ትካል ዘለዎም ሰልዲ ይውሰኖ። እዚ ወፈያ እዚ ከኣ እቶም ሰብኡት ናብ ቤተ-ክርስትያን ግላስኮ ንክኸዱ ይሕግዝ።

እቲ ናይ ደገፍ ሰራሕተኛ፣ እቲ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ኣብቲ ቦታ ክንድቲ ጽቡቕ ከም ዘይኾነ ሓቢሩ። መብዛሕትኡ ሕክምና ተዓጽዩ ስለ ዝኾነ ናብ GPs ንምኻድ' ውን ጸገም ኣሎ። እዚ ናይ ግብረ ሰናይ ትካል ናይ ሆቴላት ጽሬት ለዓለ ደረጃ ዘለዎ ከምዘይኾነ ከምኡ' ውን ከኣ ኣብቲ መነባብሮ ብዙሕ ዘይማላእ ነገር ከም ዘሎ ተገንዚቡ ኢዩ። ኣብቲ ኩነታት እቲ ንክሰርሑ ኢሎም ስለ ዘይገመቱ ሰራሕተኛታቶም ካብቲ ሆቴላት ኣውጺኦሞም። ይኹን እምበር እቶም ተቐማጦ' ውን ኣብኡ ዝነብሩሉ ምኽንያት ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይነበሮም እዩ። ሚርስ ኣብ ግራምፒያን ተወሳኺ ሆቴላት ገይሮም ኣለዉ፣ ኣብ ክንዲ ምስቶም ኣቐዲሞም ኣብ ሆቴል ዘለዉ ተቐማጦ ዚነብሩሎም ሰራሕተኛታት ምስልጣን፣ ነቶም ኣብ ግራምፒያን ዘለዉ ሰራሕተኛታቶም እዮም ዘሰልጥኑ ዘለዉ።

**ካልእ ጸገማት**

እቲ ሳልሳይ ሰብኣይ ብዛዕባ እቶም ዑቕባ ዝሓተቱ ሰባት፣ ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ እቶም ብሓንሳብ ዚነብሩ ሰባት ገዛ ከምድቡ ኮለዉ ዝያዳ ኣህጉራዊ ኣተሓሳስባ ክህሉ ኸም ዘለዎ እዩ ዚስምዖ። ሃይማኖት ናይ ሰብ ኣብ ግምት ከእትዉ ይግባእ።

ናብ ዩናይትድ ኪንግደም ዝመጽዐ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ጽቡቕ ስም ስለ ዘለዋ ምዃኑ ገሊጹ፣ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ከኣ ክዛረቡ መሰል ከም ዘለዎም ድማ ይኣምን ነበረ እንተኾነ ግና ካብ ተመክሮኦም እቶም ሰራሕተኛታት ከም ዘየኽብርዎም ወይ ከም ዘይሰምዕዎም ኢዩ።

*ብምሉእ እቶም ጉጅለታት ምስ ተኣከቡ፣ እቲ ኣካባይ ካብ ነፍሲ ወከፍ ጉጅለ ኣባላት ብዛዕባ እቲ ፕሮግራም ክሓስቡን እተወሰነ ኣገዳሲ ነጥብታት ንክሕብሩዎ ሓተቶም።*

**ምሉእ ጉጅለታት**

**ጉጅለ 1** (ክሬግ ሆይ MSP)

- ጽሬት እቲ መንበሪ ጸገም ከም ዘለዎ ንጹር እዩ፣ እቲ ኣብ ሆቴል ዝጸንሑሉ ነዊህ ግዜን ሕጽረት መዘናግኢ ኪፍታሕ ዘለዎ ጉድለት እዩ።
- ጸገም ናይ ESOL ትምሕርቲ። ኣብ ፋልከርክ፣ ንዓብነት ESOL ዝዋሃብ ብገበርቲ ሰናይ እዩ። እቶም ሓተቲ ዑቕባ መሰረታዊ ኢንግሊሽ እንተደኣ ዘይፈልጡ ኾይኖም ትምህርቲ ክረኽቡ ኣይክእሉን እዮም፣ ብዙሓት ሰባት ነቲ ሂወቶም ክመርሑ ዜድልዮም ናይ ኢንግሊሽ  ትምህርቲ ክረኽቡ ኣይከኣሉን።

**ጉጅለ 2** (ማጊ ቻፕማን MSP)

- እዚ ፕሮግራም እዚ ብዛዕባ ካብ እተፍቅሮም ሰባት ምፍላይን ክትርእዮም ዘይምኽኣልን ዘምጽኦ ስነ-ኣእምሮኣዊ ውጥረት ዘጕልሕ ስምዒታዊ ፕሮግራም ኢዩ ነይሩ። ንሰባት ኣብ ምፍልላይ ጥራይ ምእንቲ ከየተኵሩ ሓደ ትርጉም ዘለዎ ነገር፣ ወይ ክገብሩ ዝኽእሉዎ ነገር ንክረኽቡ እንታይ ክግበር ከም ዝከኣል ዝያዳ ክንሓስብ ኣሎና።

**ጉጅለ 3** (ካረን ኣደም MSP)

- እቶም ሓተቲ ዑቕባ እዋናዊ ሓበሬታ ኣይወሃቦምን ኣሎ፣ ብዛዕባ ኣብ ዝሓለፈ ሂወቶም ነቲ ዘጋጠሞም በሰላን ናይ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኼስዕብ ዚኽእል ጸገመሞም ከኣ ግቡእ ደገፍ ጥዕና ኣይረኽቡን ኣለዉ። ብዙሓት ሰባት እሱራት ወይ ኣብ ሆቴል ከም ዝተኣስሩ እንስሳታት ዝተቐመጡ ኾይኑ እዩ ዚስምዖም። እቲ ዚቐርብ ምግቢ ጸገም ኣለዎ፣ ገሊኦም ሰባት ከኣ ኣለርጂክ (ዘይተጻዋርነትን) ኣለዎም፣ ግና ነዚ ኣይግደሱሉን ኣለዉ፣ እዚ ከኣ ኣካላዊ ጸገማት ጥዕና ኼስዕብ ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ እቲ መግቢ በቲ ባህሎም ክበልዑዎ ዘይኽእሉዎ እዩ።
- እኹል ትምሕርቲ ኢንግሊሽ የለን። ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኢንግሊሽን ከም ኵዕሶ እግሪ ዝኣመሰለ ኣወንታዊ ንጥፈታት መዘናግዒታትን ንክረኽቡ ደገፍ ይገብሩ ኣለዉ። ሰባት ብውጽኢታዊ መገዲ ምእንቲ ምስ ማሕበረሰብ ዝያዳ ንክጥርነፉ መዘናግዒ ክገብሩ ከም ዘለዎም ኣጕልሐ።
- ኣብቲ ሆቴል እቶም ሰራሕተኛታት ኣድልዎ ዜርእዩሉ ናይ ምፍልላይ ጸገም ኣሎ። መንግስቲ ስኮትላንድ ነቲ ኣብ ሆቴላት ዚጽበየሉ ነዊህ ግዜ ፍታሕ ንምርካብ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እዩ እንተኾነ ግና ኣብ ስኮትላንድ ሂወት ሰባት ዝቐለለ ንምግባር ገለ ነገራት ክንገብር ንኽእል ኢና።